# ስነ ስርዓት ምዕጻው ቤ/ት ቋንቋ'ደ ከተማ ማንሃይም ብዓወት ተዛዚሙ

ቀዳም ዕለት 25.07.09 ስነ ስርዓት ዓመታዊ ምዕጻው ቤ/ት ቋንቋ'ደ ከተማ ማንሃይምን ከባቢኡን ብዙሓት ወለድን ተማሃሮን ከምኡ'ውን ኣባላት ቆንስላዊ ቤ/ጽ ፍራንክፈርት ኣብ ዝተኻፈልሉ ድሙቕ ስነ ስርዓት ብዓወት ተዛዚሙ።

ብዙሓት ወለዲ ምስ ደቆም ናብ'ቲ በዓል ዝተገበረሉ ቦታ ማለት ሀርንዞገሪድ ፓርክ ካብ ሰዓት 12፡30 እዮም ክውሕዙ ጀሚሮም። ልዕሊ ሰማንያ ዝኾኑ ተማሃሮ ምስ ወለዶም ምስተኣኻኸቡ ከኣ እቲ  ስነ ስርዓት ምዕጻው ቤ/ት ብሃገራዊ መዝሙር'ዮም ጀሚሮሞ። ቀጺሉ ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፈርት „"እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ኣብዚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ንክበጽሕ ወለድን ማሕበረ ኮምን ንዝገበርኩሞ ጻዕሪ ኣዚየ አመስግን" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ብሉጻት ንዝኾኑ ዓበይቲ ተማሃሮ ብልጫ ዓዲሉ። ብድሕሪ'ዚ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ፍራንክፈርት ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ነቶም ካልኣት ተማሃሮ ብልጫን ምስክር ወረቐትን ምስዓደለ፡ ነቶም ንነዊሕ ዓመታት ከይሰልከዩ ኣብዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ብዙሓት ተማሃሮ ዘፍረዩ ሰለስተ መማህራን፡

መምህር ተስፋሚካኤል መስመር
መምህር ዘካርያስ ተስፋጽዮን
መምህር ሓድገምበስ ሃይለ

ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ዝተላእከሎም ምስክር ወረቐት ዓዲሉ።
ትሕዝቶ ናይ'ቲ „"መጎስ" ዘርእስቱ ምስክር ወረቐት፡

"ኣብ ማንሃይምን ከባቢኡን ካብ 1981 ኣብ መደብ ትምህርቲ ቋንቋ'ደ ከይተሓለልኩም ዘበርከትኩሞ ናይ ምምሃር ዕማም ንኣብ ስደት ዝተወልዱን ዝዓብዩ ዘለዉ መንእሰያት ባህሎምን ቋንቋኦምን ሃገራውነቶምን ኣብ ነንሕድሕዶም ፍቕሪ፡ ሓድነት ንክሓድሮም ዝተጻወትኩሞ ተራ ዓቢ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን መጎስኡን ምስጋንኡን ይገልጽ።" ይብል።

ቀጺሉ ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ነዚ ስነ ስርዓት ምዕጻው ቤ/ት ኣመልኪቱ ምስ ራድዮ ማሕበረ ኮም ማንሃይም ማለት ራድዮ ድምጺ ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕተት፡ "ማንሃይም ካብ ግዜ ቃልሲ ዝጸንሐ ጽቡቕ ታሪኽ ዘለዋ ከተማ ስለዝኾነት፡ እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ስነ ስርዓት ከኣ መቐጸልታኡ ብምዃኑ ብጣዕሚ የሐጉሰኒ" ኢሉ። ብድሕሪ'ዚ እቲ በዓል ሰዓት 22፡00 ብወግዒ ተዛዚሙ።

ቤ/ት ቋንቋ'ደ ከተማ ማንሃይምን ከባቢኡን ብ1981 ካብ ሓሙሽተ ዘይበዝሑ ቆልዑ ብሓፋሽ ውድባት ህ.ግ. እዩ ተጀሚሩ። ካብ 1986 ከኣ ናብ ማሕበረ ኮም ብምስግጋር ክሳብ ሎሚ ዝቕጽል ዘሎ 28 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ገዲም ቤ/ት ቋንቋ'ደ ኣብ ጀርመን'ዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ዓወት ንሓፋሽ!

ክፍሊ ዜና
ማሕበረ ኮም ማንሃይምን ከባቢኡን